Swedbank och Sparbankerna

# ናብ ስወድባንክን ባንክታት ውህለላን ብደሓን መጻእኹም

**ኣብ ስወድባንክ ወይ ባንክ ውህለላ ከም ዓሚል ንኽትምዝገቡ፣ ካርድ መንነት ከተምጽኡን ንምንታይ ሕሳብ ባንኪ ከምዘድልየኩም ክትገልጹን የድሊ። እዚ፣ ኣብ ሓደ ካብ ጨናፍር ብኣካል ኣብ እትኸድሉ እዋን ንባንክ ከተቕርብዎ ብዛዕባ ዘድልየኩም ሓበሬታ ዚምልከት መምርሒ እዩ።**

## መንነት

### ውልቃዊ ቍጽሪ መንነት ስዊድን እንተልይኩም

ውልቃዊ ቍጽሪ መንነት ስዊድን እንተልይኩም፡ ብቑዕ መንነት ስዊድን ከተቕርቡ የድልየኩም።

### ውልቃዊ ቍጽሪ መንነት ስዊድን እንተዘይብልኩም

ውልቃዊ ቍጽሪ መንነት ስዊድን እንተዘይብልኩም፡ ዜግነትኩም ዚሕብር ብቑዕ ሃገራዊ ፓስፖርት ከተቕርቡ የድልየኩም።

ነተን ኣባላት ስምምዕ ሸንገን (Schengen Agreement) ዝኾና ሃገራት ዚምልከት፡ ዜግነትኩም ዚሕብር ከም ሃገራዊ ካርድ መንነት ስዊድን ዜገልግል ካልእ ካርድ ድማ ብቑዕ እዩ።

ናይ ወጻኢ መንነት ኣብ እተቕርብሉ እዋን፡ ከም ፍቓድ መንበሪ፡ ቃል-መግለጺ ስምምዕ ስራሕ፡ ካብ በዓል-መዚ ዚርከብ ምስክር ወረቐት ወይ ምስክር ወረቐት ትምህርቲ ዝኣመሰለ ተወሳኺ ሰነድ ምስ መንነት ከተቕርቡ የድሊ።

### ስዊድንኛ ወይ እንግሊዝኛ ዘይትርድኡ እንተኾይንኩም

ስዊድንኛ ወይ እንግሊዝኛ ዘይትርድኡ እንተኾይንኩም፡ ከስተርጉመልኩም ምስ ዝኽእል ሰብ ክትመጹ የድልየኩም።

ከም ዓሚል መጠን ዘለኩም መሰላትን ግዴታታትን ክትርድኡን ብዛዕባኹምን ፋይናንስኩምን ዚምልከት መልስታት ክንህበኩምን፡ ንሓድሕንድና ኽንረዳዳእ ክንክእል ኣገዳሲ እዩ።

## ሕሳብ ባንክ ዘድልየኩም ምኽንያት እንታይ እዩ?

ኩለን ባንክታት ስዊድን፡ ንምንታይ ሕሳብ ባንክ ከምዝደለኹምን ነቲ ሕሳብ ብኸመይ ክትጥቀሙሉ ከምዝደለኹምን ንኽሓታኹም ሕጋዊ ግዴታ ኣለወን። ንደሞዝኩም ወይ ካልእ ዓይነታት መሃያታት ንኽተእትዉ፣ ክራይ ንኽትከፍሉ ወይ ከም ሕሳብ ውህለላ ንኽትጥቀሙሉ ክኸውን ይኽእል እዩ።

መብዛሕተን ጨናፍራትና፡ ጥረ-ገንዘብ ኣይቅበላን እያ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ካብ ጥረ-ገንዘብ ወጻኢ ብኻልእ መገዲ ብኸመይ ከምእትኽፈሉ ወይ ከምእትኸፍሉ ንባንክኹም ኽትሓቱ የድልየኩም።

ካርድ ባንክኹምን ሓበሬታ ሕሳብኩምን፡ ንዓኹም ጥራይ ዚምልከት ውልቃዊ እዩ። ካርድኹም ወይ ሕሳብኩም፡ ካልኦት ክጥቀሙሉ የብሎምን። ኣብ ካርድኹምን ሓበሬታ ሕሳብኩምን ጥንቃቐ ኽትገብሩ ኣገዳሲ እዩ። ናትኩም ፍሉይ መለለዪ ቍጽሪ (PIN) ንኻልእ ሰብ ብፍጹም ክትህቡ ከምዘይብልኩም ዘክሩ።

ደገፍ ኣታዊ ንኽትቅበሉ ካብ ባንክኹም ጸብጻብ ሕሳብኩም ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ናብታ ወርሓዊ ጸብጻብ ባንኪ ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት ንኽትረኽቡ ኣብ ምምዝጋብ እትሕግዘኩም ኣብ ቀረባኹም እትርከብ ጨንፈር ብኣካል ኽትከዱ የድልየኩም።

### ሕሳብ ባንክ ናይ ምኽፋት መሰል

ዝኾነ ሰብ፡ ዘለዎ ዜግነት ብዘየገድስ፡ ብውሕስነት ውህለላ (Guarantee of Deposits) ሽፋኑ ዝውሃቦ ሕሳብ ባንክ ንኽኸፍት ዓቢ መሰል ኣለዎ። ኣብ ሳሕቲ እዋናት ግን፡ ባንክ፡ ሕሳብ ንኸይትኸፍቱ ንኽትነጽግ መሰል ኣለዋ። ባንክ፡ እቲ ምኽንያት እዚ ዚስዕብ እንተኾይኑ ሕሳብ ኽትከፍት ኣይትኽእልን እያ፥

- ባንክ፡ ውሑሳት ምኧንኩም ከተረጋግጽ ምስዘይትኽእል
- ባንክ፡ ሕሳብ ኽትከፍተሉ ብዛዕባ ዝደለኽሙሉ ምኽንያት ዘቕረብክሙዎ ሓበሬታ እኹል ኣይኮነን ምስእትብል



**መባእታዊ ኣገልግሎት**
እቲ እንህቦ መባእታዊ ኣገልግሎት፣ ገንዘብ ንኽተእትዉን ንእትኽፍልዎ ነገራት ንኽተመሓድሩን የኽእለኩም።

ነዚ ዚስዕብ ዘካተተ እዩ፥
- ሕሳብ ባንክ
- ካርድ ባንክ
- ኣገልግሎት ክፍሊት




ስዊድንኛ ወይ እንግሊዝኛ ትርድኡን ብዛዕባ ዲጂታላዊ ኣገልግሎታት ኣፍልጦ እንተልዩኩምን፣ ካልእ ዓይነት ኣገልግሎታት ድማ ኣሎና። ንዓኹም ብዝበለጸ ብዛዕባ ዚሰማማዕ ኣገልግሎት ዚምልከት እንታይ ምኻኑ ምስ ባንክኹም ተዘራረቡ።

## ሓቅታት

**ኣዋጅ ስጉምታት ኣንጻር ዘይሕጋዊ ምስግጋር ገንዘብን ምምዋል ግብረ-ሽበራን**
ኣዋጅ ስጉምታት ዘይሕጋዊ ምስግጋር ገንዘብን ምምዋል ግብረ-ሽበራን፣ ባንክታት ንምትላል ግብርን ምምዋል ገበናዊ ንጥፈታትን ንኽየገልግላ ንምክልኻል ዝዓለመ ሕጊ ስዊድን እዩ። እዚ ሕጊ፣ ዓሚል ንምንታይ ሕሳብ ከምዘድልዮን ብኸመይ ከምዝጥቀመሉን ባንክ መልሲ ክይረኽበት ሕሳባት ኽትከፍት ወይ ትውጊታት ክትፍጽም መሰል የብላን ማለት እዩ።

ስዊድን፣ ብዛዕባ ውሕስነት ውህለላ ዚምልከት ውሕስነት ውህለላ ኣለዋ። እዚ ድማ ባንክ እንተጠፊሻ፣ መንግስቲ ክሳዕ ውሱን ዓቐን ገንዘብ ንዓማዊል ይኽሕስ ማለት እዩ።

**ብዛዕባ ጥረ-ገንዘብ**
ስወድባንክ፣ ባንክታት ውህለላን ካልኦት ባንክታትን ወነንቲ ብርክታትን፣ ኣብ ሕብረተሰብ ዚዘዋወር ዓቐን ጥረ-ገንዘብ ንኽጉድሉ ብንጥፈት ይሰርሑ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ዓማዊልና ክፍሊታት ብካርድ ክፍጽሙ፣ ኣብ ድኳናት ብካርድ ኣብ ዝኽፍልሉ እዋን ጥረ-ገንዘብ ከውጽኡ፣ ጥረ-ገንዘብ ንኽእትዉን ከውጽኡን ድማ ማሽን መዋህለሊ ጥረ-ገንዘብን ኤቲኤምን ክጥቀሙን ነተባብዖም።

2.02.03016